

# መስቀል

ኣብቲ ዝሓለፈ ቍጽሪ 45 ናይ ብስራት ሕታም፡ መስቀል ንክርስቶስ ምምራጽ መገዲ ሓቂ ከም ዝነበረ ኣስተብሂልና። እዚ ኸኣ መገዲ መስቀል፡ ምሉእ ሓቂ፡ ጽሩይ ሓቂ፡ ወትሩ ሓቂ። ብተንኰል ድያብሎስ ከይተታለልካ፡ ብግሩሃት ግናኸ ግጉያት ሰባት ከይተዓሾኻ፡ ብኹነታትን ብብዝሒ ህዝብን ተደሪኽካ ጌጋ ስጉምቲ ከይወሰድካ፡ መገዲ ሓቂ ምፍላጥን ምምራጽን ከም ዝኾነ፡ ተገንዚብና። ኣብዛ ሕታም እዚኣ ኸኣ እምበኣር፡ መስቀል ትንቢታዊ ምዃኑ ኽንርኢ ኢና።

## መስቀል ትንቢታዊ

የየሱስ ክርስቶስ ናብቲ ብኣምላኽ እተመደበ ዕላማ ንምብጻሕ መኪቱን ተበጆዩን ተቓሊሱን ዝተዓወተ እዩ እሞ፡ እቲ ናይ መስቀል ትንቢታዊ ትርጉም ኣብኡ ከነስተብህለሉ።

"ዘይስማዕ ዘረባ ሰበይቲ፡ ዝኸውን ዘረባ ሰበይቲ፡" ዝብሃል ብሂል ኣሎ። ብቓልሲ እናገስገሰ እቲ ብትንቢት ዝመከቶ ዘስልጥ ኣምላኽ ጥራይ እዩ። ዘረባ ለባማትን ምሁራትን ሓያላትን ክሰዓር ከሎ ትንቢት ኣምላኽ ግና ጸኒዑ ይነብር። ሰማይን ምድርን ኽሓልፍ፡ ትንቢታዊ ቃል ኣምላኽ ጸኒዑ ይነብር። (ማቴ 24፡35)

ኣብዛ ምድሪ ከም ዓቢ ተጻራሪ፡ ሓይልታት ክፍኣትን ሓሶትን ክሳዕ ዘሎ፡ ነቲ ንሓቂ መገዱ ዝገብራ ሰብ ስቓይ ዘይተርፍ እዩ። ከም በጊዕ ኣብ ማእከል ኣራዊት እዩ። ማቴ 10፡16

ፈሪሳውያን ንየሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ሻራኦም ኣእትዮም ወዲ ማሕበሮም ኺገብርዎ ተጣቢቦም ነይሮምሲ ኣይኰነሎምን። ቀጺሎም ስሙ ኣካፊኦም ካብ ህዝቢ ኽንጽልዎ፡ ንሓንሳእ ተጻሊሉ፡ ንሓንሳእ ጋኒን ሒዝዎ፡ ንሓንሳእ ከኣ ብዛዕባ ሃገር ኣይግድሶን እዩ ኢሎም ኣውሪዮምሉ። በዚ'ውን ኣይሰለጦምን። ኣብ መወዳእትኡ ኸኣ ክቐትልዎ መኸሩ።

ስለዚ መስቀል መገዲ ሓቂ ጥራይ ዘይኰነስ ተጻባእቲ እተዓጥቅሉ መገዲ ስቓይን ቃልስን ምዃኑ ብዓንተቦ ብትንቢት ተገንዚብዎ ነይሩ እዩ።

መገዲ መስቀል የሱስ ክርስቶስ ስኣን ዓቕሙ ዝወረዶ ዓይነት ድቦላ ኣይኰነን። ስልጣን ናይ እቲ ክፉእን ጸረ ኣምላኽን ዝኾነ ሓይሊ፡ ንፍቓድ ኣምላኽ ከሕምቕ እኳ እንተ ዘይከኣለ መኪቱ ከተዓናቕፍ ዝኽእል ዓቕሚ ምዃኑ ኽንዝክር ይግብኣና። ስለዚ'ውን ውዲት ድያብሎስን ተንኰል ኣይሁዳውያንን፡ ሰበ-ስልጣንን ስልጣን መንግስትን ተዋዲዶም ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሞት ኣብጽሕዎ።

ስለምንታይ እዩ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ነዚኦም ኲስትር ዘብሎም ዲል ዝሃቦም? እቲ ሓይሎም ዘየምልጠሉ ድቦላ፡ ከም ኣፍ ዕንቍ ዝጸበቦ ሕሰምዶ እዩ ኰይኑዎ?

ንኣሽሓት ዓመታት ነብያት ደጊሞም ደጋጊሞም ብዛዕባ መስቀል የሱስ ክርስቶስ ክልተ ነገራት ተነብዮም ነይሮም። ሓደ፡ የሱስ ክርስቶስ ከም ዝሳቐን ዝዋረድን፡ ካልኣይ፡ የሱስ ክርስቶስ ከም ዝዕወትን እቲ ንኽመጽእ ዝገበሮ ዕላማ ከም ዝፍጽም፡ ተንብዮም። ስለዚ መስቀል ክርስቶስ ሰኣን ዓቕሙ ዝወረዶ ሕሰም ከም ዘይኰነ ከሎ ገና ሓቢሮም ነይሮም። (ሉቃስ 24፡25-27 1ይ ጴጥ 1፡10-11)

ኣቐዲምና መስቀል የሱስ ክርስቶስ ኽንመርጽ ዝግብኣና ሓቂ ከም ዘሎ ዘዛኻኽረና ምዃኑ ኣስተብሂልና ኤርና። ካልኣይ መስቀል ክርስቶስ ስለሰተ ኣርእስቲ ዝሓዘ ትንቢት እዩ።

ሀ. መስቀል ትንቢት ናይ ቃልሲ እዩ። የሱስ ክርስቶስ መገዲ ሓቂ ጥራይ ኣይኰነን መሪጹ። ነቲ ዝመረጾ ሓቂ መሪር ቃልሲ ተቓሊሱሉ፡ መገዲ ቃልሲ ምዃኑ ኸኣ ኣቐዲሙ ብትንቢት ተገንዚብዎ ነይሩ እዩ። (እብ 12፡1-3 ማር 8፡27-28)

ኣብ መስቀል ክርስቶስ
እታ ሓቂ ኣብ ዕዳጋ
ኣይትወርድን እያ።
ጊዝያዊ ዝኾነ ማእከላይ
መርገጽ'ውን የብላን።

ለ. መስቀል ትንቢት ናይ ትዕግስቲ ስቓይ እዩ። የሱስ ክርስቶስ በቶም ጸላእቱ ክሳዕ ዝከኣሎ ተሳቐዩ። ነቲ ስቓዩ ክሳዕ ክንድቲ ዘምረሮ ግና ጸላእቱ ስለ ዝሓየልዎ ኣይኰነን። የግዳስ ኼጥፍኦም ዓቕሚ ከም ዘለዎ እናፈለጠ ክሳዕ መወዳእታ ስለ ዝተዓገሶም እዩ። (ማቴ 26፡47-56)

ሐ. መስቀል ትንቢት ናይ ዓወት እዩ። ቃልሲ መስቀል ኣቐዲሙ ብትንቢት ዓወቱ ዝተረጋገጸ እዩ።

"ዘንጊ ሓቂስ ትቐጥን እምበር ነይትስበር፡" ከም ዝብሃል፡ መስቀል ኣምላኽ ባዕሉ ዝመከተሉ ትንቢታዊ ቃልሲ ስለ ዝኾነ ተጻባእትን ስቓይን እኳ እንተ ኣለዎን እንተ በዝሖን፡ መወዳእትኡ ዘይተርፍ ርጉጽ ዓወት እዩ። (እብ 12፡1-3)

ኣየደንጽንዶ! የሱስ ክርስቶስ ብቓሉ ንሕሙማት ዝፈወሰ፡ ንምውታት ዘተንስአ፡ ንማዕበላት ገኒሑ ጸጥ ዘበለ፡ ነጋንንቲ ዘርዓደ፡ መለኮታዊ ሓይሊ ኣብ ኢዱ ዝጨበጠስ ብድኹማት ሰባት ኣብ መስቀል ክሽንከርሲ ኣየተሓሳስብንዶ?

ጸላእቱ ዓጢቖም ክኣስርዎ ምስ መጹ፡ ጴጥሮስ (ሓደ ካብቶም ደቀ-መዛሙርቱ) ሴፉ መሊሑ ንሓደ ካብቶም ዓጢቖም ዝመጹ ወተሃደራት እዝኑ ጨረሞ። ብድሕሪ እዚ የሱስ ክርስቶስ ዝገበሮም ክልተ መስትንክራት ኣለዉ።

ሓደ፡ በቲ ትኣምራታዊ ሓይሉ ነቲ ክኣስር ተገዲዱ ዝመጸ፡ እዝኑ እተጨርመ ወትሃደር ብኡብኡ ኣሕወዮ። እታ ዝተጨ ርመት እዝኑ ድማ ከምታ ዝነበረታ

ኹነት።

ካልኣይ፡ ንጴጥሮስ ገንሖ። “ሴፍካ ናብ ሰገባኡ ምለሶ። ስኣን ዓቕሚ ኣይኰንኩን ኣብ ኢድ ጸላእተይ ዝወድቕ ዘሎኹ። ዓሰርተ ክልተ ሃዋርያት ዘይኰነስ ዓሰውርተ ክልተ ጭፍራ ሰራዊት ነናይ ሓሙሽተ ሽሕ ማለት ስሳ ሽሕ መላእኽቲ ሕጂ ሕጂ ክተት ክብል እኽእል እየ።” ድማ በለ። እሞ ዓቕሙ ንኸጥቀም ደኣ እንታይ ገትኦ?

ከምቲ ጴጥሮስ ነቲ ዝወረደ ኩነት ርእዩ ብኡብኡ ብሴፉ ዝመለሰ፡ *‘ሓይሊ ከለዎስ ስለምንታይ ነቶም ክፉኣት ጸላእቱ ልሕስ ዘየበሎም’?* ኢልና ብታህዋኽ ኣይንሕተት።

ንዘክር፡ እቶም ዝሰቐልዎ ጸላእቱ፡ ቀናኣት መራሕትን ካህናትን ፈራህ ጲላጦስን፡ ስሱዕ ይሁዳን ጥራይ ኣይኰኑን። ጸላእቱ ኲላትና፡ ሰቐልቱ ድማ ኲላትና ኢና።

እዚ ማለት ነፍሲ ወከፍና። ብስጋ እኳ እንተ ዘይሰቐልናዮ፡ ሓቂ ሓዲግና ሓሶት፡ ፍቕሪ ሓዲግና ጽልኢ፡ ጽድቂ ሓዲግና ድማ ሓጢኣት፡ እምነት ሓዲግና ረሲእነት፡ ኣምላኽ ሓዲግና ሰይጣን ምስ እንኽተል፡ ነጸግቲ የሱስ ክርስቶስን ሰቐልቱን ኢና።

የሱስ ክርስቶሲ፡ ህይወት ምእንቲ ኽንረክብ ድኣ እምበር ብሕነ ልሕስ ከብለና ስለ ዘይመጸ ከኣ እዩ መስቀል ተሸኪሙ ነድሩ ዝገትኦ።

እምበኣር፡ መስቀል የሱስ ክርስቶስ፡ ትዕግስቲ ኣምላኽ ንጸላእቱ፡ ምሕረት ኣምላኽ ንጸላእቱ፡ በጃነት ኣምላኽ ንጸላእቱ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ንጸላእቱ እዩ።

> መስቀል ኣምላኽ ባዕሉ ዝመከተሉ ትንቢታዊ ቃልሲ ስለ ዝኾነ ተጻባእትን ስቓይን እኳ እንተ ኣለዎን እንተ በዝሑን፡ መወዳእታኡ ዘይተርርፍ ርጉጽ ዓወት እዩ።

## መዘኻኸሪ

እቶም ብስራት መጽሄት ኣብ ቤትኩም ዝመጻኩም፥ ኣድራሻ ምስ ትቕይሩ ብዓንተቦ ንገሩና። መጽሄታት ክምለስ ከሎ፥ ናይ መምለሲኡ'ውን ስለ ዘክፍሉና ነዚ ካብ ዘየድሊ ክፍሊት ብምትሕብባርኩም ስተሩና። ብቴለፎን፥ ብኢ-መይል፥ ወይ ብዝኾነ መገዲ ክትሕብሩና ሓደራ!
Editor@Besserat.org



መስቀል የሱስ ክርስቶስ፡
ትዕግስቲ ኣምላኽ ንጸላእቱ፡
ምሕረት ኣምላኽ ንጸላእቱ፡
በጃነት ኣምላኽ ንጸላእቱ፡
ፍቕሪ ኣምላኽ ንጸላእቱ እዩ።